## "“ዕዳጋ ኣሜርካ ብዕንወት ካልኦት ሃገራት ሰማይ ይዓርግ”"

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብመቓልሕ ማዕከናት ዓለም ብፍላይ ከኣ ብማዕከናት ዜና ኣሜርካ ክዝርጋሕ ዝቀነየ ዑደት ፕረሲደንት ኣሜርካ ትራምፕ ኣብ ንግስነት ሱዑድ ዓረብ ክንሰምዕ ቀኒና። ሱዑድ ዓረብ ሓንቲ ካብተን መሰል ደቂ ሰባት ዘይተኽብር ብፍላይ ብመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዜጋታታ ዘይትኣምን ሃገር እያ። ብኣንጻሩ መንግስቲ ሱርያ ዝሓሸ መሰላት ዜጋታታ እተኽብር፡ ደቂ ኣንስትዮ ተዛማዲ ማዕረ መሰል ደቂ ተባዕትዮ ዘለወን ክንሳ፣ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰል ዜጋታታ ዝብል ምኽንያት ክትክሰስን ክትድብደብን ከላ ነቲ መንግስቲ ኣሜሪካ ዘለዋ ተገራጫዊ መርገጽ ዝሕብር እዩ። እሞ ድኣ መንግስቲ ኣሜርካ ነታ ዓለም ብሃብታን ብሰብኣዊ መሰል ደቂ ሰባት ግህሰት እትፍለጥ ሃገር ናይ $350 ቢሊዮን ካብኡ ኣስታት $110 ቢልዮን ንወተሃደራዊ ዕጥቂ ዝውዕል ዉዕል ዝተፈራረመት። በቲ ካልእ መንገዲ ከኣ ብኽንድኡን ልዕሊኡን ቢልዮናት ዝግመት ዕንወት ኣብ ልዕሊ ሶርያን ካልኦት ሃገራት ተውርድ ዘላ?

ካብዚ ንርድኦ ነገር እንተሎ፡ ህልቂት ደቂ ሰባት ንመንግስቲ ኣሜርካ ዓቢ ናይ ንግዲ ረብሓ ምዃኑ እዩ። ንኣብነት ኣብዚ ናይ የመን ኩነታት እንተተዓዘብና፡ ንየመናውያን ከምዘይሰማምዑን ነንሕድሕዶም ከም ዝፋለሱን ጌርካ ንመጣፊኦም ዝውዕል መሳርያ ውግእ ትሸይጥ። ንሱዑዲ ዓረብ ከም መሳርሒ ተጠቒምካ ማእለያ ዘይብሉ ወተሃደራዊ መሳርያ ትሸይጥ፡ ነቲ ዞባ ነንሕድሕዱ ከምዘይ ሰማማዕ ትገብር። እዚ ኣብ ሶርያ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ሊብያ፡ ዒራቕ፡ ቨነዙኤላ፡ ንደቡብ ኮርያ ዝግበር ዘሎ ምድፍፋእ ኣንጻር ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝግበር ዘሎ ምቱኹታኽ፡ ኣብ ጁቡቲ ወተሃደራዊ መዓስከር ምህላው ወዘተ....፡ ኩሉ ንመጻኢ ምጣኔ ሃብታ ብዋጋ እተን ሃገራትን ህዝበንን ዝግበር ንግዲ እዩ። መንግስቲ ኣሜርካ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ህዝባዊ ናዕብታት ዝተዓዘብናዮ ናይ ሓደ ሚእታዊት (1% ) ካብ ህዝባ ረብሓ ዝሕሉ መንግስቲ እዩ።

እዘን ሎሚ ዓውደ ውግእን ሂልቂትን ኮይነን ዘለዋ ሃገራት ህዝበን ሓደ ኮይኑ፡ ማዕጺኤን ዕጹው ንወጻኢ ሰልኩታት ዕድል ዘይህብ ነይሩ እንተዝነብር፡ ምዕባየን ይኹን ብዝሔን ብዘየገድስ ልዕሊ ሓያላን ሓያላት ክኾና ምኻኣላ። መንግስቲ ኣሜርካን ንዓኣ ዝመስላ ሓያላን ሃገራት ሎሚ ከምቲ ናይ ቀደም ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለም ዝገብርኦ ዝነበራ ዱኹማትን ነኣሽቱን ሃገራት ወሪርካ ግዝኣትካ ምስፍሕፋሕ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ክፍለ ዘመን ብቐጥታ ከተግብርኦ ስለ ዘይክእላ ፡ ሓድሽ ናይ ወራር ቅዲ ማለት ከድዓት ደቂ ሃገር ኣስዲዕካ (ቆጺርካ) ህዝቢ ከምዘይሰማማዕ ትገብር። ነንሕድሕዱ ብብረታዊ ጎንጺ ተፋልሶ። ብድሕሪኡ ነታ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ መንግስቲ ኣንጻር ዓላማኻ እንተኾይኑ ዝተፈላለየ ናይ ጸለመ ኣስማት እናኣጠመቕካ ህዝቢ ኣንጻሩ ከም ዝለዓል ትገብር። ትርጉሙ ዝተጠምዘዘ ዲሞክራሲ ዝብል ጭርሖታት ተጨርሖ፣ ወይ'ውን ናትካ ኩርኩር መንግስቲ እንተ ኾይኑ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ተደፊሩ ብዝብል ምስምስ ፡ ኣብነት መንግስቲ ( ወያነ፡ ጅቡቲ፡...) ብረብሓኻ ትሕልወሉ መንገዲ ኩነታት ህዝቢ በዘየገድስ ሕንፍሽፍስ ተእቱ።

ባዕዳውያን መንግስታት ብፍላይ መራሕቲ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዘይፈተንዎ ተንኮላት ኣይነበረን። ሱሳ ተወሰኾ (60) ዓመታት ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ፡ ሰላሳ (30) ዓመታት ኣብ ግዜ ሰውራዊ ቃልሲ፡ ዕስራን ሹዱሽተ (26) ዓመታት ድሕሪ ነጻነት። ብጠቕላላ ንልዕሊ ሚእትን ዓሰርተ ሽድዱሽተን (116) ዓመታት መንነትና ካብ ገጽ ዓለም ንምድምሳስ ተቓሊሶምና። ኣብዚ ኩሉ ዓመታት ቃልሲ፡ ስረ ዘልቑ ደቂ ሃገር ከም ዝነበሩ ታሪኽ እምህረና። ብፍላይ ኣብ ግዜ ሰውራ

ገለ ምስ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝተጸግዑ፣ ገለ መሳርሒ ደርጊ ዝኾኑ (ኢሰኣፓ)፡ ሰላማዊ ህዝቢ ብሓሶት ጠቁሞም ዘረሸኑ ዝነበሩ፡ ሕጂ ከኣ ምስ ወያነ ኮይኑ/ና ሰላም ሃገር ንምዝራግን ጎደና ልምዓትና ንምትንዳብን ዑሱብ ጸላእቲ ብምዃን ሃገር ከተዑኑ ድቃስ ለይትን ማዓልትን ዝሰኣነት፡ ኮምኡ'ውን ቃልሲ ጠሊሙ ምስ ጸላኢ ዝተሰለፈ ምንባሩ ይዝከር። እንተኾነ ግን ነዚ ማእለያ ዘይብሉ ተጻብኦታትን ማእለያ ዘይብሉ ሰራዊትን ኣጽዋሩን ምስ ናይ ወጻኢ ኣማኸርቱ፡ ሕሰም ተጻዊርና፡ ንውሑድ ቁጽርና ብተግባር ኣራቢሕና፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእትና ዓለም ከትኣምኖ ዘጸገማ ዓወት ከነመዝግብ ዝኸኣልና። <u>እቲ ንብዙሕ ዓመታት ተቓሊስና ዘዔወትና ሚስጢር፡ ሕቶና ፍትሓዊ፡ መትከልና ቁኑዕ፡ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሓት ከም ሓደ ስለ ዝሰመርና፡ ሓደ ንብዙሓት ስለ ዝመከትና" ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ተጻባእትና ብጉቡእ ስለ ዘለለና ኢና ደርማስ ኮና ዝወጻእና።</u>

ነዚ ብሓያል ኒሕ ስኒ ነኺስና ዝረኸብናዮ ዓወት ንምዕናዉ ናይ ተጻባእቲ ሕልና ኣይቀሰነን ዘሎ፡ ስርዓት ወያነን ጅቡቲን ዕንወት ኤርትራ ንምርኣያ ሓሶት ኣወሃሂደን ኣብ ትሕቲ ጽላል ምምሕዳር ኣሜርካ ብምምብርኻኽ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን እገዳ ክጸንዕ፡ ተቓወምቲ (ከድዓት) ኩጅለታት ከለዓዕላን ብረት ከዕጥቓን፡ መንእሰያትና ካብ ሃገሮም ከምዝወጹ ክገብራን ዓቕሚ ሰብና ክጽንቅቑ ዝግበር ዘሎ ፈተነ ጽባሕ ንጉሆ ተመሊሱ ነዘን ሃገራት መርገም ኮይኑ ከምዝመጸን እንተዘስተውዓላሉ ምሓሸን። ገዛና ኣንዲደን ከይነደዳ ከምዘይተርፋ ክበርሃለን ይግባኣ። ቕድሚኡ ግን እሰን ብፍላይ ጭፍራ ወያነ በቲ ባዕሉ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ወሊዑዎ ዘሎ ሓዊ ሓሙኹሽቲ ከምዝኸውን ይፍለጥ።

ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጁቡቲ፡ ሶማል፡ ኣሕዋት ጎረባብቲ፡ መናብርቲ፡ ናይ ሓዲኡ ሽግር ንኹሉ ዝጸሉ ከም ምዃኑ መጠን፡ ነዚ ህዝቢ'ዚ ኣብ ቕርሕንቲ ከተእዎ ምፍታን ብታሪኽ ዘይድገፍ ስለ ዝኾነ፡ ተግባራት ወያነን ጅቡትትን ናይ ዕዳጋ ውረድ ደይብ ካብ ምዃ ሓሊፉ፡ እቲ ልክዕ ዋጋ ብእዋኒ ከገሃድ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ነብሲና ባዕልና ንኽኣል፡ ናይ ሃገርናን ሃብትናን ተጠቀምቲ ንኹን፡ በቶም ንኣፍሪቃ ንምመዋእል ዝገዝእዋን ክገጽእዋ ዝጽዕሩ ዘለዉን ተምበርከኽቲ ኣይንኹን። ቁርበትና ቁርበትና እዩ። ናይ ካልኦት ቁርበት ክንለብስ ኣይንፈትን፡ ክኸውን'ውን ኣይካኣልን'ዩ።

ሓቂ እዩ ሃገርና ኣብ ልዕሊ እቲ ድኻ ኮይና ምጽንሓ፡ ፍሑኽ ከይንብል ኣብ ልዕልና ዝብየን ዘሎ እገዳታት ብዓይነቱን ዓቐኑን ካብቲ ዘሕለፍናዮ ብረታዊ ቃልሲ ዘይፍለ እዩ። ብድኽነትና ኣይንሓፍርን ኢና። ንልማኖ ኣይንብርከኽን ። ንነብሰይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ታሪኽ ይኹን ልምዲ የብልናን። ባህልና ኣይኮነን ብድሕሪ ሕጂ'ውን ኣይክኸውንን እዩ። ይኹን እምበር ሃገርና ካብ ምህናጽ ዝዓግተና ሓይሊ ስለ ዘየለ፣ ዋላኳ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከምቲ ንደልዮ ደረጃ ምዕባለ በጺሕና እንተዘይበልና ብእነካይዶ ዘሎና ስጉምቲ ሚእቲ ብምእቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ከምንበጽሖ ጥርጥር የብልናን። ናይ ውሑዳት ሱሱዓት ጠባይ ምስ መግዛእቲ ዝመጸ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ ዝጀማመረ፡ ኣብ ግዜ ደርጊ ቁሩብ ዘንቀልቀለ፡ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምእታዉ ፈጺሙ ዝጠፍኤ፡ ሕጂ ግን ሓሓሊፉ ዝርኤ ዘሎ ብልሽውና ካብምንታይ ይብገስ ከምዘሎ ኩልና እንፈልጦን፡ ጸላእትና ብሓይሊ ዝደፍኡሉ ዘለው ምዃኑ ንኹሉ ኤርትራዊ ፈታው ሃገሩን ንኩነታት ብጉቡእ ዝኸታተልን ቡሩህ እዩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጸላኣትና ክሳብ ዕሱባት ኣገልገልቲ ዘለውዎም ብንፈልጦን፡ ብንፈልጦ ዘይመስሎም ሜላታት ሓድነትና ከፍርሱን ጉዕዞ ምዕባለና ክርሙሱን እቲ ፈተነታት ቀጻሊ እዩ።

እቲ ብጸላእትና ኣብ ልዕለና ዝፍተን ዘሎ ፈተነታት ገለ ነቓዕ መእተዊ እንተረኸቡ'ሞ ነዛ ምሩጻት ሰማእታት ከፊልና ዘምጻእናያ ነጻነትና ንምዝራግ፡ ብጃንዳ ወያነ ዝምልመሉ ተቓወምቲ ብዝብል ስም ኣላዓዒልካ ገለ ቁንጣሮ ሃገር ዝተፍኣቶም ብቐንዱ ግን ንወያነ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ኣምሲልካ ምዕጣቕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ውግእ ሕድሕድ ምእዋጅ ምዃኑ ዘይፈልጥ ጉሩህ ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለንን። ሓደ ክፈልጡዎ ዘለዎም ድሕሪ'ቲ ብ1980 ዓ.ም. ውግእ ሕድሕድ ዘብቃዓሉ ንነጀው ደም ኣሕዋት ክፋሰስ'ዩ ኢሉ ዝሓስብን ዝሕልንን ኤርትራዊ ክህሉ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ንውግእ ሕድሕድ ምረቱ ከም ዕረ ስለ ዘስተማቐሮ።

ሓያላን መንግስታት ነንሕድሕድና ኣብ ኲናት ከእትዉናን ሃገርና መደበር መሸጣ ኣጽዋረን (መስርያ) ክገብርኣ፡ ከምዘን ትማሊ ሰላም ዝነበረን ሃገራት ሕጂ ህዝበን ዘጽንትኦ፡ ንብረቱ ዘብረስኦ፡ ህንጻታቱ ዝደምሰሰኦ ዘለዋ ክገብራና ዝሰርሓ ዘለዋ። ንሕና ግን ክብርና፡ ሓድነትና፡ ጽንዓትና፡ ታሪኽና ስለ ዘየፍቐዶ ንኹሉ ጉሩሃት ከከውን የብልናን። "ኣናፍራ ቆቛሕ ዘይፈልትስ ኣይሃዳናይን" ከም ዝበሃል ከንደይ ቆቛሓት ኣናፍርኤን ስለ ዝፈለጥና ክንሃድነን ኣይጸገመናን። ሕጂ'ውን ነተን ክነፍራ ዝብገሳ ሳላ ሃብታም ተሞኩሮ ንምህዳነን ጸገም የብልናን።

ረብሓ ምዕራባውያን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እናኸተመ ይኸይድ ኣሎ። ብፍላይ ከኣ ረብሓ ኣሜርካ። 1) ብሰንኪ ዝወልዑዎ ኲናት ስለ ዝኸሰሩዎ፡ 2) ኣብ ልዕሊ ህዝበን ሰብኣዊ ርህራሄ ዘይብሉ ግፍዕታት ስለ ዝፈጸሙን ዝፍጽሙ ዘለዉን። ነቲ ንብዙሕ ዓመታት ክግሕጥዎ ዝጸንሑ ሃብቲ ኣህዛብ ማእከላይ ምብራቕ መተካእታ ክረኽብሉ ቆላሕትኦም ኣብ ኣፍሪቃ ኮይኑ ኣሎ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ። መንግስታት እዚ ዞባ ከምዘይሰማምዓ ጌርካ ነንሕድሕደን ተባእሰን። እዚ ኣብ ከባቢና ዝካየድ ዘሎ ውድድር ቀይሕ ባሕሪ ንምቁጽጻር፡ ንዞባና ቅሳነት ዝህብ ከምዘይኮነ ርዱእ ኮይኑ፡ ህዝብና ንረብሓን ቅሳነትን መጻኢ ዎሎዶታትና ዘውሕስ ቃልሲ ከካይድ እዋኑ ዝጠልቦ መድረኽ ኮይኑ ኣሎ። ቃልሲ ዘይተንበርካኽነት፣ ቃልሲ ጽንዓት፡ ቃልሲ ሃገር ምህናጽን፡ ከም ቀደምና ብሱሙር ስነሓሳብ፡ ሃገር ቐድሚ ኹሉ ኢልና ጸላእትና ፎግፊጎም ከይኣትዉ ንቕሓትና ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ከነብጽሖ ኣሎና። መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ጁቡቲ ኣብ ኣፍደገና ምስፋሩ፣ 1) ንብህዝቢ ጁቡቲ ዓቢ ሃስያ፡ 2) ንሃገርና ዓቢ ስግኣት፡ 3) ንሃገራት ኣፍሪቃ ዓቢ ንዕቀት እዩ።

ኣብ ላዕሊ ብዛዕባ ቃልሲ ሓርበኛታት ኣደታትና ኣብ ግዜ ሰውራ ቁሩብ ተንኪፈ ኔይረ። ኤርትራዊት ኣደ ንውላዳ ጅግንነት ተዕጥቕ፡ ሞራል ተሰንቕ፡ ምግቢ ትምግብ፡ ዉጉኣት ተጸናንዕ፡ ብደም ዝጨቀወ ክዳን ዉጉኣት ተጋጋደልቲ ትሓጽብ፡ መምህር ናይ ጅግንነት ከም ዝነበራ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ብጉቡእ ተሰኒዱ ኣሎ። ሕጂውን ኣብ ቦትኡ ኾይኑ፡ ግን ገለ ናይዚ እዋን እዚ ኣደታት ኣይግድን ከብለካ ዝኽእል ስክፍታታት እናተራእየ ይመጽእ ኣሎ። ንደቀን ኪድ ጥፉእ ወዲ እገለ ሱዳን ኣትዩ ጓል እገለ ኤውሮፓ በጺሓ እንዳበላ፡ ንደቀን ብጸልማት ዘፋኑዋ ምህላወን እዩ። ኣብ ክንዲ መዓንጣኻ ሸጥ ኣብል፣ ጅግንነት ኣቦታትካን ኣያታትካን ተኸተል፡ ምስዞም ጀጋኑ ሰብ መትከል ወዓል፡ ተመሃር እናበላ ዘተባብዓ ንመንገዲ ጥፍኣት ዘለወን ጻንቂቐን ዘፋንዋ ኣለዋ። ከምዘይገበራ ጥርቅም ኢለን ካብ ውላደን ጥዑም ወረ ክሰምዓ ተሃዊጸን ይቐንያ። ንገሊኤን ብሰላም ኣትየ ኣሎኹ ዝብል ወረ መዕለቢኡ ዘይተፈልጠ ክመጸን ከሎ፡ ንገሊኤን ድማ ሬሳ ዘይርከቦ መርድእ ብዘይ ንቡር ይንገረን። ንሙሉ መዋእለን መፈጠረን ጸሊኤን ኣይነበር ዘብል ናብራ ይነብራ ኣለዋ። ሽግር ሓላፋይ እዩ። ዘይንቡር ባዕልኻ ተምጽኦ ጓሂ ግን ነባራይ እዩ። እቲ ባዕላተን ዘበገስኦ ጥፍኣት ተመሊሰን ናብ መንግስቲ ከሰክምኦ ምምራር ገበን እዩ። ታሪኽ

ኤርትራውያን ኣደታት ብጽቡቕ ተዘንትዩ መታን ክነብር እዚ ኣጉሃዩ ፈጻመታት ከይድገም ነተን ብሕጂ ኮምኡ ኣተሓሳስባ ዘለውን ዘለወ ክጥንቀቓሉ ምዝኽኻር ዘድልዮ ኣይመስለንን። እቶም ብኮንቱ ሂወቶም ዝሓለፈት መንእሰያ ደቅናን ኣሕዋትናን ጸጋ ህገር ከም ምኺኖም መጠን ኩልና ኤርትራውያን ሓዘን ይስማዓና። ንቤተ ሰቦም ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ሓሳባተይ ንምጥቕላል እዚ ኩሉ ኣብ ሃገርና ዘጓንፍ ዘሎ ጸገማት ጥንቁ ካበይ ዝተበገሰ እንታይ ንምህራም ምኺኑ ንኹልና ስዉር ኣይመስለንን። ከምቲ ፐረሲደንት ኣሜርካ ነበር ቦራክ ኦባማ ንመንግስቲ ኤርትራ ንምድኻም ኣደታትን መእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ካብ ሃገሮም ምስ ዝወጹ ብዘይ ቕድመ ኩነት ክንቅበል ኢና ዝበሎ፡ ትርጉሙ ጉሁድ ኣብርእሲ ምኺኑ ብኡ ተደፋፊኦም መውደቂኦም ዘይተፈልጡ/ጣ ግዳያት ዝኾኑ/ና ዜጋታት ከምዘለዉና ካብ ኣእሙሮና ክንርስዖ የብልናን።

ሓድነትና ሓይልና እዩ፡
ምእንቲ ትኺቦ ኣይንብርከኽን፡
ኩሉ ጸገማት ክንሰግሮ ኢና፡
ጎደና ልምዓትና ዓጋቲ የብሉን፡
ንሕና መንግስቲ፡ መንግስቲ ንሕና፡
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።